# ግደ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ከይዝንጋዕ !

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፥- ኣብ ዝተኻየደ መስርሕ ሃገራዊ ቃልስና፡ ተራኣን እዝዩ ክብ ዝበለን፡ ጎሊሑን ደሚቑን ዝልለን እጃም ከም ዘበርከታ፡ ተሰጊሩ ዘይሕለፍ ታሪኻዊ ሓቂ እዩ። ኣብ ኩሉ'ቲ ንሕቶ ናጽነትን ሓርነትን ዘሰላስልን ዘደንፍዕን፡ መሓውራት ቃልሲ ተጸሚደን፡ እቲ ዓሚቑ ብስለትን ብልሓትን ተወፋይነት ጅግንነት ዝሓተት ከይዲ ሃገራዊ ቃልሲ፡ ብዘይክማህ ጽንዓትን ሓላፍነትን ተታሓሒዘኦ። እዚ ብሓፈሽኡ ኮይኑ፥-

## ብሸነኽ ስልፈኛታት ደቂ ኣንስትዮ ፍልይ ኣቢልና ምስንርኢ ድማ

ሰልፈኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፤- ኣብ ኩሉ'ቲ ከፍርያሉ ዝተመዘዛሉ ዓወደ ቃልሲ ተሰሊፈን፡ ምስ ኣሕዋተን ደቂ ታባዕትዮ ተተቲዐን ብምሓዝ፡ ኣብ ጸጥታዊ፤ ወተሃደራዊ፤ ፖሎቲካዊ፤ ሕብረተ-ሰብኣዊ፤ ባህላዊ፡ ኮታ ኣብ ኩሉ ክፍልታት፡ መስርሕ ቃልስና  ዝጠልቦ ዕዮ ንምትግባር፡ ብዘይ ቶግላባን ዘይስልክን ወኒ ገጢመንኦ። ንድርብ ቓልሲ ብድረብ መኸተ ዝዓለመ ውድን ብምውዳድ ድማ፡ ኣድራጋ ንምዕማም ዓትዒተን ሓዘኦ።

በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ፥- ብትብዓት ክቐለስ ዘለዎ ሱር ዘሰደደ በዳሂ ጋጋት ገጢምካ ንምስዓር ግድን ኮነ። እዚ ማለት፡ እቲ ብጨቛኒ ስርዓታት ዝሰረጸ፡ ነባር ኣዕናዊ ባህልን ልምድን፡ ከም ቅኑዕ ብምውሳድ፡ ደቂ ኣንስትዮ፡ ብባህርያተን ኣብ ናይ ጻዕርን ጽሮትን ዝሓትት ስራሓት ዘዋስእ ዓቕምን ክእለትን የብለንን ብምባል፡ ንዘለወን ኣካላውን ኣእምራውን ተኽእሎ ዘዋሰነ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዘሰንከለ ጸኒሓዊ ኣባታዊ ኣተሓሳስባ፡ ዘይሓቃውን ሰረት ኣልቦ ስነ ብሂል ምኽኑ፡ ኣብ ባይታ ኣርኣያ። እዚ ኣታሓሳስባ'ዚ፡ ካብ ስሩን ንነሓዋሩን ካብ ኣእምሮ ህዝብና ነቒልካ ንምስራዝ፡ ድማ መኸትኣን ብልዑል ዝና ከም ዘዕዘዞ ዘማትእ ኣይነበረን። እቲ ንስለ መሰለንን ራብሐኣን ንኽይመራመራን ከይምክታን ዝኣገደ ናይ ገበተን ዓፈናን ስርዓታትን፡ ኣረሜናዊ ምህዞታቱን ብዘየዳግም ንምጥቃዕ ክኣ ተላዕላ። ክእለተንን ግዲኣን ዝደረተ ባህርያዊ ስንክልና ከም ዘይብለን'ውን፡ ነቲ ደቂ ኣንስትዮ ብምኻነን ኣትሒቱን ኣነኣኢሱን ዝግምግመን ረማሲ ኣተሓሳስባ ሕ/ሰብና ብግብሪ ኣረጋገጻሉ::

ብርግጽ ክኣ፡ ነቲ ዓሚቕ ስፍራ ዝሓዘ ባህላዊ ሞቑሕ ብምፍንጻግ፡ ንዘለወን ባህርያዊ ኣፈራይ ጸጋታትተን ናብ ምህርትን ምዓላን ንምውዳዱ፡ ንቐሓት ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ንቕሓት ህዝብና ድማ ብሓፈሻ  ክብ ንምባል ብዘለወን ዓቕሚ፡ ሓቦን ፍናንን ተደሪኽን ተንቀሳቐሳ::

## ኣለይቲ መነባብሮን ተቓለስትን (ስሩዓት)

እዘን ንጉዳይ ሃገር፥- ምሰ ጉዳይ ናብራኣን ብማዕረ ጸሚደን፡ ዝገዳገዳን ዝቃልሳን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ንግንዘብ'ውን፡ ከም ሓደ ዓቢ ክፋል ካብ ሕ/ሰብና፡ ክሸፍነኦ ዝግበኣን ዕዮ ዓሚመን'የን። ኣብተን ኩለን ህዘባውያን ማሕበራት ማለት ኣብ ማሕብር ሓረስቶት፤ ሰራሕተኛ፤ መንእሰያት፤ ተማሃሮ ተጠሚረን፡ ብጊዴኣን ክዋስኣ ከለዋ፡ ብዓቢኡን ብቐንዱን ድማ፡ ከም ሰብ ድርብ ጉዳይ መጠን፡ ኣብ ማሕበረን ተሰሪዐን ንጽምዳዊ ቓልሲ ምሰ ኩነታት እና ወደና ክውግና፡ ቅናተን ሸጥ ኣቢለን ብዕቱብነት ተዋፈራ። ደቂ ኣንስትዮ ዝተጻወተኦ ተራ ኣብ ምዕዋት ሰውራና፡ ተንቲንካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ዘርኣየኦ ጅግንነትን ተወፋይነትን ብሕጽር ዝበለ ንምግላጹ ዝኣክል ግን፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ብጠቕላላ፡ እቲ ቀንዲ ዓንዲ ሕቖ ሰውራ ኮይነን ይቓለሳ ምንባረን ማንም ዘይክሕዶ ሓቂ እዩ።

ድሕሪ እቲ ብቐንዱ ንህዝብና ዘነጻጸረ ውዲታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ተሓኤ፡ መሰረታት ህዝባውያን ማሕበራት ቀጥታዊ መሰረታት ውድብ ኮይነን ከምዝቃለላ ምስ ተወሰነ: መሰረታት ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ'ውን፡ ጉጅለታትን ጨናፍርን ውድብ ኮይነን ቀጸላ:: ውድብና ተሓኤ ካብ

ዝወደቐቶ ዓዘቕቲ ንምውጻእን፡ ባዕላዊ ጸገማታ ኣልያን ዳግም ተሓዲሳን፡ ናብቲ ባዕላ ዝመድመደቶ ባህርያዊ ቦትኣ ንምምላስ ምስ ኩሎም ብጾተን ሓቢረን ተረባረባ። እንተኾነ ግን፡ ውዲታዊ መጥቃዕቲ ግንባር ኣብ ልዕሊ ጀብሃ፡ ኣዝዩ ዝረቐቐን ካብ ዝቐደመ ዝባኣሰን እናኾነ መጽአ:: ምኽንያቱ፡ እቲ ሰፊሕ ህዝብና ዝተዓቐበሉን ጻዕቂ መሰረታትናን ተጋደልትናን ዝርከብሉ ቦታ ማለት ጎሮባብቲ ሃገርና፡ ኣፍ ደጊአን ንኢሳያስን ውዲታቱን ምሉእ ብምሉእ ርሒው ብምንባሩ፡ ንተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ውድብና ምቹእ ኮነ::
እቲ ኣዝዩ ዝኸፈአ ግን፡ እቲ ኩሉ ዝርአ ግዳማዊ መጥቃዕቲ ዘይኮነስ፡ እቲ ምስኡ እናተወሃሃደ ውሽጢ-ውሽጢ ውድብ ዘማሰነ፡ ድሒሩ ተጎሊሉ ዝወጽአ ውሸጣዊ ቁንቁኖ፡ ናይ ጸላኢ ጽፍያ'ዩ:: ሰለዚ ኸኣ መሰረታት ደቂ ኣነስትዮ ከም ናይ ውድብ መሰረታት መጠን እና ተዳኸማ ክመጽኣ ባህርያዊ ነይሩ።

## ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ደሕሪ ናጽነት ምስ ንርኢ ድማ-

እቲ ንውልዶ ባህጊ ህዝብና፡- ከይዓኾኸ ኣንጊሁ ዝቐጸየ ጉጅለ ህግዲፍ፡ እንኳንዶ ንደቂ ኣንስትዮ፡ እተን ብኣግኡ ዝተገፍፈ መሰለን፡ እሞ ኣብታ ሓራ ኤርትራ፡ ነዚ ከምልሳን ክውሕሳን፡ ኩሉ ረብሓታተን ህያው ክገብራን፡ ዕዙዝ መስዋእቲ ዝኸፈላ ሰብ ሓዲሽ መሰልን ሪምን'ሲ ይትረፍ፡ እቶም ደቂ ተባዕትዮና፡ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ናይ መግዛእቲ ስርዓታት፡ ዝረኸብዎ ዝነበሩ ዝርካቡ መሰላት'ውን ተመንዚያም 'ዮም::

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ብመሰረት ዝተቓለሳሉ ዕላማ፡ ማዕርነታዊ መሰለን ተኸቢሩ፡ ፖሎቲካዊ፤ ኢኮኖምያዊ፤ ማሕበራዊ ረብሐአን ተረጋጊጹ፡ እጃምን ሓለፍነትን ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት መንግስቲ ብማዕረ ዝመቓርሓሉን ዝዋሳኣሉን ባይታ ክረኽባስ ይትረፍ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ መዋእለ ቃልስና ዝሓልፍኦ ዝነበራ ናብራ'ውን ኣማዕድየን ከምዝሪአኦ ኮይነን'የን:: ሎሚ ናጽነት ማለት ነዐአን፡ ሰብኡተን ኩሉ ጾሮም ኣውዲቖምለን፡ ብዘኸዱ ዘይምለስሉ፡ ሓላፍነት ናይ ዝዓብዩ ቆልዑን፡ ዝናበዩ ኣረገውትን ኣብ ጥራሕ ኢደን ኣብ እንግድዐአን ተወጢሖ፡ ኣደዳ ስቓያት፤ ጥሜት፤ ሕማማት፣ ኣእምሮ ምስሓት፡ ኩሉ ኣደራዓትን ካብ ዝኾና ዓሰርተታት ዓመታት ኣቕጺረን ኣለዋ:: መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ መዓስካራት ህግዲፍ፡ ክብረን ንጽህነአን ተሰሊቡን መርወዪ ስጋዊ ጽምእን መዛነይ ሰበ ስልጣናት ይኾና ምህላወን ናይ ጎደናታት ሚስጥር'ዩ:: እተን ዝወለዳ፡ እሞ ሃዲምካ ናይ ምውጻእ ዕድል ዝረኸባ እንተኾነ ውን፡ ዝብላዕ የለን ዘይፈልጡ ህጻውንቲ ሒዘን፡ ህሮሩማይ ይውሓጠና ንጥፋእ ብምባል ካብ ሃገር ዝወጻ፡ ምስ ዕሸላተን ኣደዳ ሳሃራን ማእሰርትን ኣደዳ ቀላያትን ሞትን ይኾና ኣለዋ:: እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብጠቕላላ ዝወርድ ዘሎ ደረት ኣልቦ ግፍዒ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ግን መዋዳድርቲ የብሉን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኸተዘንትዎን ክትሰምዖን'ውን ኣዝዩ ዘሰካሕክሕ እዩ::

ደቂ ኣንሰትዮ ኤርትራ፡- ከም ፍርቂ ሕ/ሰብና መጠን፡ እጃመን በስፍሓተን ደረጃ ዓሚመን ጥራይ ዘይኮነስ፡ አንተላይ ኣኻዕቢተን ስለ ዝተቓለሳ እየን ናጽነት ሃገርና ተረጋጊጹ:: እዘን ኩሉ ዝክኣለን ከፊለን፡ ሓንጊረን ኣብ ስልጣን ዘብጸሐኦ ኢሳያስ፡ እተን ካብቶም ቀዳሞት ዝተጠልሙን ዝተረግጹን፡ ገዳይ ኩሉ ኣበሳታቱን ዝኾናን ግን፡ እዘን ንዘለወን ዓቕሚ  ጸንቂቐን ዘወፈያ ደቂ ኣንስትዮ እየን::

## ኣቕልቦ ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ

ኣመለኻኸታ ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ንግንዘብ'ውን፡ ዳርጋ እቲ ዝዓበየ ዕማም ሃገራዊ ነጻነት ድኣ እንኳዕ ተረጋገጸ እምበር፡  ብዛዕባ'ቲ ደሕሪ ህግዲፍ ምልጋስ ዝተርፍ ጉዳይ ስርዓትን ባይቶን'ሲ፡ ደቂ ኣንስትዮ ዝድለያሉ ጉዳይ ኣይኮነን እሞ: ደጊም ካብዚ ንንዮው'ሲ፡ ንሳተን ናብ ጓደአን (ውሻጢአን) ከምቲ ናይ ኣዴታተን፡ ንሕና ድማ ናብ ባይቶና ከምቲ ናይ ኣቦታትና"፡ ብምባል መደባቶም ዝወጠኑ'ዮም ዝመስሉ ንምባል ዘየዳዲ

እናኾነ ይመጽእ ኣሎ:: ሓቂ'ዩ መብዛሕተአን ተቓወምቲ ውድባት ንምሰል ደቂ ኣንስትዮ ከም ሓሳብ ይኣምናሉን፡ ኣብ ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮአን'ውን የስፍረኦ'የን:: ይኹን'ምበር፡ ሓደ ኣብ ባይታ ዘይትግበር ቁዱስ ተስፋ ካብ ምኻን ዘይሓልፍ ብምኻኑ ግን፡ ናይ 19 ዓመታት ተመኩሮ ድሕሪ ናጽነት ዘረጋገጸ ሓቂ'ዩ:: እሞ ብገለ ሸነኽ ናይ'ዚ መዳይ'ዚ፡ መሲሉ ከምዝረአስ፡ ምስ ህግዲፍ ዘማሓድጎም፡ ሓይሊ ጥራይ ከይ-ኮነ ኣይተርፍን ንምባል'ዶ ዘየኽል ኣይኮነን ?፡ ኣረ እቲ ዓቢ ፍልልይ'ሲ፡ ህግዲፍ ብኣተሓሳስባ ናይ ሓደ (ውልቀ) ኢሳያስ ዝምርሕ ክኸውን ከሎ፡ ተቓወምቲ ውድባት ድማ ንናይ ሓደ ጉጅለ (ተባዕታዊ ጾታ) ዝውክል ኣተሓሳስባን ስርዓትን ንምሕያል'የን፡ ዝሰርሓ ዘለዋ፡ ንዝብል ርእይቶ ማዕረ ክንደይ ካብ ሓቂ ዝማሕደገ'ዩ ንምባል የድፍረና ?:

<u>***ትዕዝብቶታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብዚ ክጋባእ ዘቀራረብ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ***</u>

እዚ ዋዕላ'ዚ፡- ካብቲ ንህዝብና ብጠቕላላ ዝዘንቦ ዘሎ ሲኦላዊ መዓት ንምግልጋልን፡ ዕድመ ስቓዩ ንምሕጻርን፡ ዘንጥፍ ኣድማዒ ናይ መስርሕ ዓውዲ ስለ ዝኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዓቢ  ሃንቀውታ ይጽበዮ ዘሎ ዋዕላ'ዩ:: ህዝብና፡ ዕላማታት ቃልሱ ተሰይሩ፡ ንዋቱን ንያቱን ተሰሊቡ፡ ኩሉ መሰላት ተሓሪምዎ፡ ጽልግልግ ኣብ ዝብለሉ ዘሎ እዋን፡ ዋዕላና ይጋባእ ብምህላዉ፡ ናይ ድሕነቱ ወጋሕታ ዘማዕድወሉን፡ ካብ ናይ ብህረራ ሂወት ብምብርባር ንያቱ ዘሐድሰሉን ክስተት'ውንዩ:: ሓቂ'ዩ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ከም ንዲሞክራስያዊ ለውጢ መጠን፡ ብተግባር ዓጢቕሎምን ዝጉስጉሶምን ዘለዉ ዕማማት ብምንጽጻር፡ ንመሰረታዊ ሽግራት ህዝብና፡ መሰረታውን ውሑስን ፍታሕ ንምንዳይ፡ እምነ ባይታ ንምነጻፍ ዘዓለመ ምኻኑ'ኳ ዘየካትዕ እንተኾነ፡ ማዕረ'ቲ ዝጥለቦ ተቓራሪበ'ሎ ንምባል ግን ኣየኽእልን:: ብንጹር ኣዘራርባ፡ ህዝቢ ኢርትራ ከመቲ ዝግመት ከባቢ 4,000,000 እንተኾይኑ፡ ከባቢ 2,000,000  ካብዚ ደቂ ኣንስትዮ'የን ማለት'ዩ። እሞ እዚ ዓቢ ኣንስታዊ ክፋል ካብ ሕ/ሰብና ንጎኒ ጎሲኻ ዝግብር ዋዕላ፡ ብዛዕባ ሓደ ዉሱን ጉጅለ ክዝቲ'ዶ ወይስ ብዘዕባ ህዘቢ?: ብዛዕባ ህዝቢ እንተኾይኑ፡ እዘን ዝተፈላለዩ ናይ ዓመጽን ግፍዕን መርሆታት ዘንገፍገፈን ፍርቂ ክፋል ሕ/ሰብና፡ ብመሰረቱ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ነዐአን ዶ ከይኮነ ካብ ዝኾነ ሸነኽ ንላዕሊ ዝምልከተን?፡ እቲ እዘን ደቂ ኣንስትዮ ዝተቓለሳሉ ቀንዲ ሕመረት፡ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ፍትሕን ዶ ኣይኮነን'ዩ?፡ ብዓንድ ርእሱ ደመንን ዓጽመን ከስኪሰን ዝፈጠረኦ ባይታን ባይቶን ብጉዳየን ክጋባኣሉን ንራብሐአን ዘውሕስ ሓሳባት ከጽዕያሉ ዶ ኣይኮነን እቲ ኩሉ ቓልሰን ?: ኣንስታዊ ክፋል ሕ/ሰብና ሸለል ብምባል፡ ተባዕታዊ ክፋል ዝዓብለሎ ዋዕላ፡ ንኣባታዊ ራብሓን ዓመጻዊ መርሆን ዳግም ክዉን ንምግባር ክይከውን ብምንታይ ከነውሕሶ ንኽእል?: ግዳ ተስፋ ንገብር ከምኡ ከይከውን

እዚ ጉዳይ'ዚ፡ ሕጂ ዘይኮነስ፡ ካብ ጉባኤታት ኪዳንን ቅድሚኡን ኣትሒዙ'ዩ ንግደን ሱታፌን ደቂ ኣንስትዮ እና ኣጓነየ ክመጽእ ጸኒሑ:: እዚ ድማ ንዓና ከም ደቂ ኣንስትዮ ከየሰከፈና ኣይተረፈን። ሓቂ'ዩ፡ ኣብ ዝጋባእ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ብኩራት ደቂ ኣንሰትዮ ጋህዲ ኮይኑ ኣብ ዝመጸሉ እዋን፡ መንቀሊኡ ብዘየገድስ ድማ፡ ኣዛራቢ እናኾነ ምስ መጸ፡ ሽማግለ ዋዕላ ኣብ እትንቀሳቐሰሉ ዝነበረት ግዜ፡ ኣገዳስነቱ ብምርኣይ ንኽሳተፉ ምትብባዕ ምግባሩ ዝዝከር'ዩ:: እዚ ወላ ንፍረዲ ኣይርትዑና'ኳ እንተኾነ ከም ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ግን ብኣዎንታ ንሪኦ:: ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ከምቲ ጠለምቲ መራሕቲ ህግዲፍ ዝበልዎ፡ ንስለ መማቕርቲ ዝወጠነ ንኸይከውን ድማ ንምነ።

እዚ ዋዕላ'ዚ፡ መጀመርታ እምበር መወዳእታ ከምዘይኮነ ብምእማን፡ ኣብቲ ዝስዕብ ሃገራዊ ዋዕላ ንግደን ሱታፌን ደቂ ኣንስትዮ ልዑል ኣድህቦ ንኽወሃቦ ንትስፎ።